# ዋዛ ምስ ቁምነገር

## "ባህሪ ቅንዕናዶ፡ ባህሪ ድርቅና? ዕሽነትዶ ወይስ ልቦና?

(ክዉን ታሪኽ)

ኣብቲ ጥቓ ካልኣይ ውግእ ናይ ዓለም ባሻይ ውህበት (ናይ ሓቂ ስሞም ኣይኮነን) ተባሂሎም ዝጽውዑ ዝነበሩ ሓደ ኤርትራዊ ሰብኣይ ነበሩ። ሓደ እዋን ባሻይ ውህበት፡ ብገለ ገበን ተኸሲሶም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣእትዮምዎም ነበሩ። እቲ ሽዑ ተዳጒኖምሉ ዝነበሩ ቤት ማእሰርቲ፡ ኣብቲ ጊዜ እቲ እንዳ በርገደሊ ተባሂሉ ዝፍለጥ ዝነበረ፡ ብሸነኽ ደቡብ ኤርትራ ዝርከብ ቤት ማእሰርቲ እዩ።

ባሻይ ውህበት፡ ኩነታቶም ግናይ ኰይኑ እቲ ቤት ማእሰርቲ ኣዝዩ ሓሰሞም። ቅድም ወሪድዎም ብዝነበረ ሕማም ዳርጋ ማህሚኖም እዮም ነይሮም። ካልኣይ ድማ ኩሉ እቲ ዝነበሩዎ ናይ እቲ ቤት ማእሰርቲ ኩነታት ተደማሚሩ ኣብ ልዕሊ እቲ ዝነበሮም ሕማም ሕማም ወሰኽሎም።

ኣጋጣሚ ኾይኑ፡ ሓደ ለይቲ ናይ እቲ ተዳጒኖምሉ ዝነበሩ ቤት ማሕቡስ፡ ብምርሳዕ እዩ ዚመስል፡ ኣይተሸጎረን ነበረ። ነዚ ኸኣ ባሻይ ውህበት ኣስተብሃሉሉ። ንሱ ጥራይ ከይከውን ድማ እቶም ሓለውቲ'ውን ከቢድ ድቃስ ጸቒጥዎም ዝነበረ እዮም ዚመስሉ ነይሮም። በዚ ባሻይ ውህበት ናይ ሙምላቕ ሓሳብ ኣብ ኣእምሮኦም ቅልቅል በሎም። "ኣንታ ሰብ፡ በትሪን ኣብ ኢድካ፡ ተመንን ኣብ ቅድሜኻ እሞ እንታይ ክንብለካ!" ኰይኑዎም። ሕጂ ኸኣ ወዮ ማዕጾ ርሕውቲ፡ ወዮ ሓለውቲ ድማ ድቁሳት፡ እንታይ ትጽበ ዓይነት ኰይኑ ሓሳብ ኣትዩዎም ምስታ ነብሶም ብዙሕ ተሟጒቱ። ኣብ መወዳእትኡ ክጸልቁ ወሰኑ እሞ፡ ገለ ኸይረኣዮም ድማ ሰላሕ እናበሉ ምሉቕ ኢሎም ወጹ። ካብኡ ሰለይ እናበሉ ኣብ ናይ እቲ ዓዲ መምበር ኣሕሳር በጺሖም ኣብኡ ሽጉጥ ኢሎም ተሓቢኦም፡ ኣኹሪጦም ወዓሉ።

ንግሆ ኾይኑ እቶም ዘብዔኛታት ምስ ነቕሑ እቲ ማዕጾ ናይ እቲ ቤት ማሕቡስ ጋሕ ኢሉ ተኸፊቱ፡ እቶም ሕቡስ ድማ ኣብኡ ከም ዘየለዉ፡ ምስ ተገንዘቡ፡ "*ብተሳ ሓሳርም*" ዝተባህለ ኣውያት ኣውቅዑ። ዓስከር በብወገኖም ደቂ ዓዲ'ውን በብዝለዉዎ ንምርዳእ ተበጊሶም ፈቐድኡ፡ ክሳዕ እቲ ጐደቦታት ዓዲ ኸይተረፈ ኽደልዩ ወዓሉ። ቀቢጾም ድማ ተመልሱ።

ንጽብሒቱ ባሻይ ውህበት ኣንጊሆም ካብቲ ተሓቢኦምሉ ዝነበሩ ስፍራ ወጺኦም ሰለይ እናበሉ ኣብ ድሕሪ እቲ ቤተ ክርስትያን ናይ እቲ ዓዲ ተሓቢኦም ወዓሉ። ለይቲ ኾይኑ ጸልማት ምስ ወደቐ ድማ ካብቲ ዓዲ ኣርሒቖም ኽጐዓዙ ጀመሩ።

ባሻይ ውህበት፡ ቀደም፡ ቅድሚ ምእሳሮም ምኽኑ እዩ፡ ካብቲ ጐደቦ ዓዶም ሓደ ኣስላማይ ቀቲሎም ነይሮም እዮም። ወዲ እቲ ዝቐተልዎ ኣስላማይ ሰብኣይ ድማ ኣብቲ ዝኸድዎ ዝነበሩ ዓዲ ይቕመጥ ከም ዝነበረ ምስ ዘከሩ፡ ናበይ ገጾም ከም ዝሃድሙ ሓሳብ ኣተዎም። ኣርሒቖም ንትግራይ ገጾም ከይሃድሙ፡ በቲ ዝነበሮም ሕማምን ዕብራንን ሓይሎም ድኹም እዩ ነይሩ፡ እሞ ኣብ መገዲ'ውን ሞይቶም ከይተርፉ ፈርሁ።

ኣብ ገለ ኣመንቶምን ዚፈልጥዎምን ከይጽግዑ ድማ ኣሕሊፎም ከይህብዎም ፈርሁ። ስለዚ ኸኣ ዝሓሰቡ እንተ ሓሰቡ መውጽኢ ሰኣኑ እሞ፡ ሓርበቶም።

ኣብ መወዳእትኡ፡ "ኣብቲ ኣቡኡ ዝቐተልኩሉ ሰብኣይ ድኣ ክኸይድ፡ እንተ መሓረኒ መን ይፈልጥ?" ኢሎም ሓሰቡ። እንተ ቐተለኒ ድማ ካብ ብኢድ ካልኦትን ኢድ መንግስትን ምሟትሲ ብኢድ እቲ በዓል ደመይ እንተ ሞትኩ ይሓይሽ። ንደቀይ እኳ ኣብ ኢዶም ዘሎ ደም ኣጥፍኣሎም፡" ኢሎም ሓሲቦም ብኡ ወሰኑ። ሰለይ እናበሉ ድማ ኣብቲ ቤት ወዲ እቲ ዝቐተልዎ ኣስላማይ ብለይቲ በጽሑ።

ኣብኡ፡ "ከመ ... ዓልኩም ሰብ ቤት ... ኣለኹምዶ፡" ኢሎም ተዳህዩ። "ደሓንዶ ውዒልካ ... መን ኢኻ እዚ? እቶ፡" ዝብል መልሲ ካብ ውሽጢ ምስ ረኸቡ ድማ፡ "ኣነ፡ ኣነ ባሻይ ውህበት እየ።" ኢሎም መለሱ። ነቲ ዝሰምዖ መልሲ ምእማን ዝሰኣነ ኽመስል፡ "እንታይ ዋዝኡ እዩ እዚ! ... መን ኢኻ?" ኢሉ ደጊሙ ሓተተ። ንሶም ድማ ትቕብል ኣቢሎም፡ "ዋዛ ኣይኰነን፡ ኣነ ... ኣነ ባሻይ ውህበት እየ፡" ኢሎም መለሱሉ። ንሱ ኸኣ በቲ ኣብቲ ቤት ዝነድድ ዝነበረ ብርሃን ሓዊ ምእንቲ ኽርእዮም፡ "በል እቶ፡" በሎም። ርእይ እንተ'በለ ድማ ልክዕ ከምቲ ዝበሉዎ፡ እቶም ነብኡ ዝቐተሉ ባሻይ ውህበት፡ ኰይኖም ረኸቦም። ኣዒንቱ ምእማን ክሳዕ ዝስእን ድማ ተገረመ።

ወዮ ሰብኣይ፡ ብምግራም ዝብሎ ጠፊእዎ፡ "እንታይ ኽትገብር ደኣ ናባይ መጻእካ?" ንሶም ከኣ፡ "ኣንስ ነቶም ደቀይ እኳ ደም ካብ ዝሓድገሎምሲ፡ ሕነኻ ኽትፈዲ፡ ንስኻ ኽትቀትለኒ ኢለ መጺአ፡" ኢሎም መለሱሉ።

ደንጽዩዎ፡ ሓቂ ደኣ ተዛረብ ዝብሎም ዘሎ ኽመስል ድማ፡ መሊሱ፡ "እንታይ ኽትገብር ኣብዚ መጺእካ?" ኢሉ ሓተቶም። ንሶም ድማ ነታ ዝሃብዎ መልሲ ደጊሞም ነገርዎ። ደሓርሲ፡ ንሱ'ውን እቲ ዝብሉዎ ዘለዉ ሓቆም ምኻኖም ኣሚኑ፡ ዓይኑ ተኺሉ ክጥምቶም ጀመረ።

"ባሻይ . . . ክልተ ጊዜ ቀቲልካኒ። ቅድም ነቦይ ሎሚ ኸኣ ንዓይ።" እዚ ምስ በለ ባሻይ ውህበት ገለ እኳ መልሲ ኣይሃቡን፡ ንሱ'ውን ዝተጸበየ ኣይመስልን።

ቀጺሉ፡ "ነቦይ ቀቲልካ ... ሕጂ ኸኣ ኣብዚ ... ባዕልኻ ... ናባይ መጺእካ። ሕነ ኣቦኻ ኽትፈዲ ቅተለኒ ብምባልካ ክልተ ጊዜ ወጺዕካኒ . . . ግናስ ንዓይ ኣሚንካ ኣባይ ካብ ተጸጋዕካ፡ እንታይ እሞ ክብል። ከምቲ ክስታን እትብልዎ፡ 'እዝጊ ንለማኒኡ ሰብ ንኣማኒኡ፡' እዩ። ካብ ቤት ማሕቡስ

ሞሊቕካ ኣምሊጥካ ኣባይ ክትዕቌብ እትመጽእ፡ ድሓን 'እዝጊ ይርአ... ኣነ ግና መሓርኩኻ። ኢሉ ምሒሩ ተቐበሎም።"

ካብ ኣጣሉ ምክት ኣምጺኡ ድማ፡ "ሃየ! ባዕልኻ ሕረዶ፡" ኢሉ ነቲ ምክት ሃቦም። ኣብ ውሻጠ ኣንስቲ ኣእትዩ ኽኣ ወጮ ደብዲቡ፡ በቲ ባዕሎም ዝሓረድዎ ምክት መጨኖም።

በቲ ጊዜ እቲ ወተሃደር ናይ መንግስቲ ኣብ ኩሉ ዓድታት ኣብ ፈቐድኡ ተዘሪኦም ንዝረኽብዎ ሰብ እናሓተቱ ድማ ይደልይዎም ነበሩ። ኣብቲ ዝነበሩዎ ቤት እቲ ኣስላማይ መጺኦም ከኣ፡ "ገለዶ ባሻይ ውህበት ርኢኻ?" ኢሎም ክሓትዎ መጹ። ንሱ ድማ ነዚ ሰሚዑ፡ "እንታይ ትብሉ 'ታ ... እቲ ተሓቢሉ ዝነበረ ድዩ? ንሱ ድኣ በዓል ደመይ፡ ኣነ'ውን ብደም ዝደልዮ ዘለኹ ዶ ኣይኮነን። እምበኣር ኣምሊጡ! ኣበይ'ሞ እንተ ዝረኽቦ... ኣብ ኢድ መንግስቲ ኽይብጽሕኩ ብኢደይ መተኽሓስኩዎ። ነቦይ ዝቐተለ በዓል ደመይ ድኣ ናባይ እንታይ ደልዩ ኺመጽእ፡" ኢሉ ንሳቶም ኽጥርጥርዎ ዘይክእሉ መልሲ ሃቦም። ንሳቶም ድማ፡ "ያእ በል ንሕናስ በዓል ደምካ ምዃኑ ኣይፈልጠናን፡" ኢሎም ንእግረ መገዶም ከዱ።

እቲ ኣስላማይ ንባሻይ ውህበት ወርሒ መመላእታ ኣብ ቤቱ ደቢቑ ምስ መጨኖም፡ "ደጊምሲ ኺድ ኣነ ይቕረ ኢለልካ እየ። ካብ ኢድ መንግስቲ ከኣ እዝጊ የውጽእካ።" ኢሉ እናመረቐ ብጽቡቕ ኣሰናበቶም ይብሃል።

**እቲ ነጥቢ፡** ንወድ ሰብ ካብ እትኽብዶ ሓንቲ ነገር ይቕረ ምባል እያ። ወድ ሰብ ብተፈጥርኡ፡ ነቲ ናይ ሕነ ምፍዳይ ሕልንኡ ንኽቈጻጸር ከቢድ ኰይኑ ይረኽቦ። እቲ ዘይርድኦ ግና ኣብ መወዳእትኡ እቲ ኣዝዩ ዚጉዳእ ንሱ እዩ። እቲ ሕነ ዚፈዲ ንርእሱ ይቐትል።

እዚ ንባሻይ ውህበት ይቕረ ዝበለ ሰብሲ፡ ንእኦምዶ ወይስ ንርእሱ እውን ተጠቒሙ? ብሓቂ ንርእሱ እዩ ይቕረ ኢሉ። ከምኡ ብምግባሩ ካብቲ ናይ ሕነ ምፍዳይ ሕልና ነጻ ወጺኡ።

እዚ ዘገርም ሓቀኛ ታሪኽ እዩ። ቃል ኣምላኽ፡ "... ሕነ ምፍዳይ ናተይ እዩ፡" ክብል ከሎ፡ ሕነ ምፍዳይ ዘኸትሎ ውጽኢት ኣዕናዊ ምዃኑ ብሩህ እዩ። ብዛዕባ ሕነ ክንዛረብ ከሎና ብዛዕባ ከቢድ ነገራት፡ ማለት ቅትለት ዝመሰለ ጥራይ ኣይኮነን። ብዛዕባ ኩሉ ዓቢ ይኹን ንእሽቶ ማለት እዩ።

ናይ ሕነ ምፍዳይ ሕልና ኣላትናዶ? እንተ ደኣ ኣሊያትና፡ ምሕቛፉ ንኣና ዓቢ ጕድኣት፡ ምድርባያ ግና ንዓና ዓቢ ሕውየት እዩ እሞ፡ ንየው ንበላ። እቲ ሕውየት ዝመርጽ መስተውዓሊ እዩ።

## ምሳሌታት

ምዕዶ ንዚሰምዑ፡ ማይ ንዝጸምኡ።
ምዕዶ ንዜስተውዕሎ፡ ሽመት ንዚኽእሎ።
ንዕቡይ ትሕትና፡ ንትሑት ልዕልና።
ክብረት ንህዱኣት፡ ተዋርዶ፡ ንኹሩዓት።
ዓሻ ምስ መዓዲኡ ይብኣስ፡ ለባም ግና ብዚገበሮ ሓጢኣት ይጠዓስ።